# በርናባስ - በርናባስ - በርናባስ

መም ተኪኤ መብራህቱ

በርናባስ፡ ከምኡስ ይብዝሑ ኢልካ እትምነዮ ናይ ብሓቂ ክርስትያን፡ ንዲማ ኣርኣያ እዩ። ብዛዕባ በርናባስ ዝነግራና ኵለን ጥቕስታት ናይ ሓዲስ ኪዳን እዘን ዝስዕባ ኣለዋ።

ግብ 4፡36-37። 9፡27። 11፡22-26ን 30ን። 12፡25። 13፡1 -2ን 7ን 43ን 46-47ን 50ን። 14፡12ን 14ን 20። 15፡2ን 12ን 22ን 25ን 35 — 37ን 39ን።
1ይ ቈረ 9፡6። ገላ 2፡1ን 9ን 13።
ቈሎሴ 4፡10።

እዚኣተን፡ በርናባስ፡ ከመይ ዝበለ ክርስትያን፡ ኣብቲ ዝነብሮ ከባብን ኵነታትን ክርስቶስ ዘንጸባርቕ፡ ወንጌል ዘበስር ምንባሩን ብሩህ ስእሊ ዝህባና እየን። ሉቃስ ብዛዕባ በርናባስ ክምስክር ከሎ፡ “ንሱ መንፈስ ቅዱስን እምነትን ዝመልኦ ሕያዋይ ሰብኣይ እዩ” ይብል ኣብ ግብ 11፡23-24። ብዛዕባ በርናባስ ቁንጥር ኣሕጽር ኣቢልና ተዛቲና እስከ ንባረኽ።

## 1. በርናባስ ዚብል ካልኣይ ሽሙ

በርናባስ ኣቦኡን ኣዲኡን ዝሃብዎ ናይ ስድራ ሽም ኣይኰነን። በርናባስ ዚብል ስም እቶም እተዓዘብዎ ብጾቱ ክርስትያናትን፡ መተዓይይቱ ሃዋርያትን ዘልገብሉ ወጸዋዕታ ድኣ እምበር ብወለዱ ዝተዋህቦ ስምሲ ዮሴፍ እዩ ነይሩ። በርናባስ ዚብል ስም ድማ ዓብሊሉ ስዒሩ። (ግብ 4፡36 ተመልከቱ)

ታሪኽ ናይ’ዚ በርናባስ እተሰምየ ዮሴፍን እቲ ትርጉም ናይቲ በርናባስ ዚብል ቃልን እንተ ኣስተብሂልናሉ፡ ስለምንታይ በርናባስ ከም ዝበልዎ ክንርዳእ ንኽእል።

## 2. መዋእል በርናባስ

2.1. እቲ ቀዳማይ መዋእል ናይ ዛንታ ቤተ ክርስትያን ዘበን ሃዋርያት ኢልና እንሰምዮ፡ ካብቲ ምምስራት ቤተ ክርስትያን ብመዓልቲ ጰንጢቆስጠ ጀሚሩ ክሳዕ ኣዝዩ ሒደት ዓመታት ድሕሪ ሞት ሃዋርያ ዮሃንስ ዘሎ ይዓምም። ማለት ካብ 33 ድልክ - 100 ድልክ ናይ ዳርጋ 70 ዓመታት ምኳኑ እዩ። በርናባስ በዚ ዓመታት እዚ እዩ ዚነበር ነይሩ። ዘበን ሃዋርያት፣ ዘበን ሓዲስ ኪዳን፣ ቀዳማይ መዋእል ቤተ-ክርስትያን እናበልና ድማ ንሰምዮ።

ናይ ዝጠቐስናዮ መዋእል ኣብ ግብሪ ሃዋርያትን ኣብ መልእኽትታት ናይ ሓዲስ ኪዳንን ንረኽቦ። እዘን ቀዳሞት 70 ዓመታት ናይ ዛንታ ቤተ ክርስትያን ድማ ዝበለጸ ዓመታት፡ ናይ ድልዱል መሰረት ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ንዲማ እተመስረተለን እየን። ስለምንታይከ? ከም በርናባስ ዝኣመሰሉ ኣመንትን መራሕትን ናይ ቤተክርስትያን፡ ክርስቶስ ዘንጸባርቑ፡ ደጌታት ሲኦል ዘየሕምቕዎ መሰረት ዝሰርቱ፡ ሰብ ራእይ ስለ ዝነበሩ እዮም።

ቀዳማይ ጸሎትና፡ በርናባሳት
ኣብዝሓልና ይኹን።



2.2. ወዲ ምጽንናዕ ኣብ ማሕበር ኣመንቲ።

*ሀ. ሓላዪ በርናባስ* - ግብ 2፡44–47። 4፡32-37። ካብ ግብሪ ሃዋርያት 4፡36-37 ሃብታምን ሰዊኡ ሊጋስን ምንባሩ ንዕዘብ። እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ ክሳዕ ክንደይ ንወንጌል ውፉያት ከም ዝነበሩ ሉቃስ ዝህበና ስእሊ ኣብኡ ንመልከቶ። ብዛዕባ እቶም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ቀዳሞት ኣመንቲ ኣብ ግብ 4፡32 “እቶም ዝኣመኑ ኵላቶም ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን ነበሩ” ንንብብ። ቀጺሉ “ብኹሉ ብርኪ ነበሩ እምበር ሓደ እኳ ካብ ገንዘቡ እዚ ናተይ እዩ ዚብል ኣይነበሮምን” ይብል። ቀዳሚነት ኣብ ህይወቶም ዝነበረ፡ ልዕሊ ናይ ግሊ ንብረት እቲ ሕብረት ኣሕዋት ከም ኣመንቲ እዩ ነይሩ። እዚ ከኣ ብፍታው ደኣ እምበር ብተጽዕኖ ኣይነበረን። ከመይ ኰይኖም እዮም ከምኡ ኰይኖም? ስለምንታይከ ሎሚ ከምቲ ናታቶም ምኽኣል ስኢንናዮ ዘሎና?

ካልኣይ ጸሎትና፡ ንማሕበር ዝሓልዩ
በርናባሳት ኣብዝሓልና ይኹን።

መልሲ ናይ ሕቶና ሉቃስ ይህበና። ንበርናባስ ክንዕዘቦ እሞ ካብኡ ክንምሃር ይደልየና። (ግብ 4 36-37 ንንብብ) በርናባስ፡ ሓዋ ንማርያም፡ ኣኮኡ ድማ ንማርቆስ (ወንጌል ማርቆስ ዝጸሓፈ) እዩ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ሽዱሽተ ማርያማት ተሰምየን ኣለዋ። ማርያም ኣደ ማርቆስ፡ ሓብቲ በርናባስ፡ ሓንቲ ካባታተን፡ ሃብታም ከም ዝነበረት ኣብ ግብ 12፡12 ተኣሚቱልና ንረኽቦ። በርናባስ፡ ከም ማርያም ሓብቱ፡ ንብረቱን ገዛእ ርእሱን ንጐይታና የሱስ ክርስቶስን ንወንጌሉን ንኣመንትን መሊኡ ሰዊኡ ዝወፈየ ክርስትያን እዩ ነይሩ።

እቲ በርናባስ ዚብል ሳጓ ድማ ብእኡ ምኽንያት እዩ ተዋሂብዎ። በርናባስ ዚብል ቃል ግሪኽ ናይቲ ፐራክሊቶስ ዚብል ትርጉም እዩ። ብጻይ፡ ተሓላቒ፡ ዓርኪ፡ ሓጋዚ፡ ሕልፍ ዝብለልካ … ወዘተ የስምዕ። ከምቲ “ኢዱ ቈሪጹ ይህበካ” እንብሎ ዓይነት ሰብ እዩ ነይሩ። በርናባስ፡ ጸገምካ ከይተኻፈሎ፡ መፍትሒ ከይተረኽቦ፡ ከየቕሰነ ዘይጥንጥነካ፡ ዓይነት ሰብ እዩ ነይሩ - ወዲ ምጽንናዕ (ግብ 4፡32-37) በርናባስ ብፈረቓን ብእተመቓቐለን ልቢ ንየሱስ ክርስቶስን ንማሕበርን ዘፍቅር ከም ሃናንያ ኣይነበረን (ግብ 5፡ 1-6)።

*ለ. ጠርናፊ በርናባስ* - ግብ 9፡26-28

ጳውሎስ ቅድሚ ክርስትያን ምኳኑ ዘሰምብድ ሕማቕ ሽም ነይርዎ። ካብኡ ክትሃድም ዝገብረካ ዓይነት ሰብ እዩ ነይሩ። ኣብቶም ኣመንቲ “ብምፍርራህን ብምቕታልን ነዲሩ” ዝነበረ በዓል ስልጣን እዩ ነይሩ (ግብ 9፡1-2) ስለዚ እቶም ክርትያናት በዚ ጳውሎስ ኣዝዮም ባህሪሮም ስለ ዝነበሩ፡ ክርስትያን ምስ ኰነ እውን ተቐላጢፎም ክኣምንዎ ስለ ዘይክኣሉ ኣግሊሎምዎ ነይሮም። ኣብዚ ኵነታት እዚ ንጳውሎስ ዘይፈንፈኖ፡ ዝሓቘፎ፡ ነቲ መንደቕ ኣፍሪሱ ክጽምበር ዝገበሮ በርናባስ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ እዚ ግብ 9፡26-30 ንመልከት። በርናባስ ነቲ ሕብረት ኣሕዋት ገማዕማዕ ከይብል፡ ከይፈናጨል፡ ዝጥርንፎ፡ ከምቲ ስሚንቶ ንሓደ ጡብ ምስቲ ሓደ

ኣጋጢሙ መንደቕ ዚገብር ዓይነት ሰብ እዩ።

**ሳልሳይ ጸሎትና፡ ንማሕበር ዘጋጥሙ ኣብዝሓልና ይኹን።**

<u>ሐ</u>. <u>በዓል ራእይ በርናባስ</u> - ግብ 11፡19-26

ወንጌል ንመጀመርታ ናብ ኤውሮጳ ተዘርጊሑ ንሓዋሩ ዝኸውን ሱር ዝሰደደ፡ እቲ ንዲማ ርስቲ ናይ ክርስትያናት ኰይኑ ዘሎ መልእኽትታት ናይ ሓዲስ ኪዳን ክጽሓፍ ድማ መንቀሊ ዝኾነ … ወዘተ እንታይ እዩ ምስጢሩ? ምስጢሩ፡ በርናባስ እተባህለ ራእይ ወንጌል ዝነበሮ ክርስትያን ስለ ዝነበረ እዩ። ራእይ ወንጌልከ እንታይ እዩ? ራእይ ወንጌል ቀረባን ርሑቕን ዕላማታት ናይ ምስፋሕ ወንጌል ኣሳሚርካ ምርኣይ፡ ንእኡ ዘድሊ ገስጋሲ ስሙር ስጉምትታት ናይ ምስላጥ ምውሳድ እዩ። በርናባስ ነዚ ራእይ እዚ ዘለለየ፡ እተወፈየ፡ ብኣምላኽ እተጸገወ፡ ምሉእ ዕድሚኡ ድማ ዘተግበሮ ክርስትያን እዩ ነይሩ። ናይዚ ከም መፈለምታ መረድኢ ዝኾነና እቲ ብ 44 ድልክ ኣቢሉ እተፈጸመ ታሪኽ ኣብ ግብ11፡19-26 ተመዝጊቡ ዘሎ ጸብጻብ ንመልከት።

ካብ 33 — 44 ድልክ፡ እቲ ናይ ፈለማ ምዝርጋሕ ወንጌል ብርቱዕ እኳ እንተ ነበረ ኣብ ክልል ሃገር እስራኤልን ኣብ ማእከል ኣይሁድን እተደረተ እዩ ነይሩ። በቲ ዝነበሮም ደረጃ መንፈሳዊ ምዕባለ ኣተሓሳስባኦምሲ ወንጌል ናይ ዓሌት ጕዳይ ጥራይ ኰይኑ ተኾርምዩ ምተረፈ ነይሩ። ወንጌል ንምሉእ ዓለም ምኚኑ ኣይበጽሖምን፡ ኣይተዓጠቐሉን፡ ኣረ ዝዘንግዕዎ እዮም ዝመስሉ ነይሮም። ነዚ ጸቢብ ኣተሓሳስባን ሳዕቤናቱን ንመጀመርታ ጊዜ ጥሒሶም ወንጌል ኣስፊሖም ምብሳር ዝጀመሩ እቶም ብመንግስትን ብህዝብን ካብ ዓዶም ተባሪሮም ኣብ ኣንጾክያ መዕቈቢ ዝረኸቡ ስደተኛታት ኣመንቲ እዮም ነይሮም (ግብ 11፡ 20-24)።

በርናባስ ክዕዘብ ካብ የሩሳሌም ተላኢኹ ናብ ኣንጾክያ (ሶርያ) ምስ መጸ በቲ ዝረኣዮ ኣዝዩ ተሓጒሱ (11፡23-24)። ነዚ ዕድል እዚ ድማ ወንጌል ናብ ምሉእ ዓለም ክዝርጋሕ ክፉት ደገ ምኚኑ ኣለልዩ ብዕሊ ኣሳወሮ።

እንታይ ስጉምቲ ወሲዱ? በርነባስ ነቲ እተላኣኸ ናይ ምዕዛብ ስርሑ ሓዲስ ምዕራፍ ከፈተ። ማለት፡ በርነባስ ካብ ኣንጾክያ ንሳውል (ጳውሎስ) ኪደልዮ ናብ ጠርሴስ ከደ እሞ ምስ ረኸቦ፡ ናብ ኣንጾክያ ኣምጽኦ። ንዘክር፡ በርናባስ ንሽማግለታት ናይ የሩሳሌም ወኪሉ ናብ ኣንጾክያ ክመጽእ 350 ማይልስ (560 ኪሎ ሚትር) እዩ ብእግሪ ተጓዒዙ። ሕጂ ድማ ኣብ ኣጀንዳ መልእኽቱ ዘይነበረ፡ ካብ ኣንጾክያ ናብ ጠርሴስ ኪገይሽ (175 ማይልስ = 280 ኪሎ ሚትር) ናይ ግድን ኰኖ።

ጳውሎስ ምስ በርናባስ ናብ ኣንጾክያ ምስ መጸ፡ “ኣብታ ማሕበር ዓመት ምሉእ ብሕብረት (ኮይነንያ) ነበሩ ንብዙሕ ህዝቢውን መሃሩ” ይብል ኣብ ግብ 11፡26ሀ። እዚ መጀመርታ ስጉምቲ ወንጌል ክርስቶስ ዓለምለኸ ክኸውን ዝጀመረሉ እዩ። ብናይ መን ስጉምቲ?



ብስጉምትታት ናይ በርናባስብ በቲ ዝነበሮ ራእይን ዝሰለጠ እዩ። ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ኣንጾክያ ርእዩ ሓንጐፋይ ኢሉ ምቕባሉ፡ ንጳውሎስ ደልዩ ረኺቡ ኣብቲ ዓለምለኽ ዝኾነ ምስፋሕ ወንጌል ምጽማዱ፡ በርናባስ፡ ክልተ ዓበይቲ ሓደስቲ ምዕራፋት እዩ ፈሊሙ።

**ቀጻሊ ትምህርቲ**

**ተመስገን ጐይታ፡ ራእይ ዘለዎ
በርናባስ ዝሃብካና፡
ሕጂ ድማ በርናባሳት ሰብ ራእይ
ኣተስኣልና፡
ንምጥፋእና እተሓስበ ናይ ጸላኢ
ስደትና
ናብ ዕዉት ክተት ናይ ጸጋ
ዝልውጥዎ።**

## ደብዳቤ ንኣሰናዳእቲ . . . .

ኣብ ትሕቲ እዛ “*ኣበይ፡ ከመይ ኮን ይሀልዉ?*” እትብል ዓምዲ “ክነግርዶ?” ዝብል ክዉን ታሪኽ ዳርጋ መኽፈቲ ዓይኒ ኰይኑኒ እንተ በልኩ ሓሶት ኣይኰነን። “ጽቡቕ ዘሎስ፡ ሕማቕ ዘሎ ነይመስሎ” ከም ዝብልዎ፡ ከምዚ ዓይነት ታሪኻት በቲ ዘሎኒ ኽዓግብን ከመስግንን የዘኻኽረኒ። ብዓቢኡ ድማ እቲ ነዛ ሓብቲ ዝገጠማ ግናይ ኵነታት ኩሉ ብጉድለታን ሕመቓን ኣይኰነን። እዚ ንኽትርድኦ እኳ ከቢድ እንተ ዘይኰነ፡ ንኽትሓስበሉ ግና ልቦና ይሓትት። ምኽንያቱ ሕጂ’ውን ዝፍጸም ዘሎ መሰል ዝገፍፍ ግናይ ተግባር እዩ። ነዛ ሓብቲ ስለ እቲ ሓቦኣን እምነታ ኣብ ኣምላኽን ኣዝየ ኣድንቓ። ንዓይ ብብዙሕ መገዲታት ብዙሕ ነገር እምሃረሉ ኣለኹ። ንበረኸትን ጸጋ ኣምላኽን ኣዝየ ንክርድኦ ድማ ደጊፉኒ።

ኣማን (ኣስመራ)

### ጸሎተይ

እዛ ዓለም ተጽበበይ ዓቕለይ፡
ሸጊሩኒ፡ መን ክሓልየለይ፡
ጸቢቡኒኸ መን ክርህወለይ?

ክዳን ጸበባ ተከዲነ፡ ምስ ኣተወኒ ቑሪ፡
ክወጽእ ተጋዲለ ሰኣንኩ በሪ።
ተሸፊኑኒ ድኣ ዘይረኣኹዎ ኰይነ’ምበሪ፡
ምሳይዶ ኣይነበርካን ኣታ ቅኑዕ ሓባሪ።

ሕጂ ኸኣ፡ ንድካመይ ርአ ኣታ ሕያዋይ
መድሓኒ፡
ፈተናን ሽግርን ምስ ዝገጥመኒ፡
ዘይክእሎ ኰይኑ ምስ ዝስምዓኒ፡
ዝጻናተወኒ ሰይጣን ከይዓመተኒ፡
ከይደንጌካ ኮታ ኣለኹ በለኒ።

ከይብል ሃተፍተፍ ፍርሂ ዓብሊሉኒ፡
ከየጕረምርም ከይብል ደሓር ዘጣጣዕሰኒ፡
ከሎ ገና ቀልጢፍካ ርድኣኒ፡
ምሕረትካ ክዝክር ሕሹክ በለኒ።

ከይስንብድ ከይርዕድ በይነይ ከይመስልኒ፡
ቀልባብዕ ከይብል ኢለ መን ኣሎኒ፡
ኣብ ክንዲ ምስጋና ምረት ከይሓድረኒ፡
ከየጕሂ ኣምላከይ ጐይታይኒ
ኣበይ ኣሎካ ዘይትረድኣኒ፡
ከይብልሲ ኢድካ ኣርእየኒ፡
ኣጆካ ምሳካ’ለኹ በለኒ፡

ኣጆካ ምሳካ’ለኹ በለኒ፡
ሽዑ ኺርስርስ ልበይ ባህ ክብለኒ፡ ተመስገን
ጐይታይ ሰላምካ ስለ ዝሃብካኒ። ኢለ
ኽመስግን ክብርኻ ክፍልጠኒ፡
እሞ ክምስክር ስለ እቲ ገለ እኳ
ዘይጐደለኒ።